# <u>ካልኣዊ ፍልልያት ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ምምሕዳርን ምፍታሕን ምብቃዕ፡ ውሕስነት ውሽጣዊ ሓድነትን ዓወትን እዩ፣</u>

ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት ኣብ ዝኾነ መዋእል፡ ብዓይነቶምን መልክዖምን ዝፈላለዩ ናይ እምነት፡ ድሌትን ጠቕምን ፍልልያት ዝነበሩን ዘለዉን ዝቕጽሉን ህያው ተርእዮታት እዮም። ኩሎም ናይ እምነት ፍልልያት ብሰላማዊ ኣገባብ ዘይመሓደሩን ዘይፍትሑን ብጐነጽ ጥራሕ ዝፍትሑን ኣይኮኑን። እንታይደኣ ገሊኦም ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ዝማሓደሩን ዝፍትሑን ክኾኑ እንከለዉ፡ ገሊኦም ድማ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ክማሓደሩ ይኹን ክፍትሑ ዝኽእሉ ኣይኮኑን። ስለዝኾነ ፍልልያት እቶም መሰረታዊ ዘይምጥዕዓም /ግርጭት/ ዘለዎም ብባህሪኦምን ዕላመኦምን ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ክማሓደሩን ክፍትሑን ስለዘይክእሉ፡ ተደልየ ኣይተደልየ ናይ መፍትሒኦም መትከልን ግብርን ጎነጻዊ ጥራሕ እዩ ዝኸውን።

እቶም ኣብ መሰረታዊ ፍልልይ ናይ ባህርን ዕላማን ዘይተሰረቱ ዘይመሰረታውያን /ካልኣዊ/ ፍልልያት ግን ናይ'ቶም ካልኣዊ ፍልልይ ዘለዎም ኣካላት ናይ ባህርን ኣፍልጦን ጸገም እንተዘይሃልዩ፡ ምምሕዳሮም ይኹን ኣፈታትሓኦም ሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ጥራሕ እዩ። ይኹን ደኣምበር ምስ ኣፍልጦን ባህርን ናይ ውልቀ-ሰባትን ኣካላትን /ደርብታት/ ብዝተታሓሓዘ ምኽንያት፡ ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ክመሓደሩን ክፍትሑን ዝኽእሉን ዘይኽእሉን ፍልልያት ብዘይፈሊ ኣገባብ፡ ንኩሎም ብዓማሚ ብሓይልን ጐነጽን ናይ ምፍታሕ ኩነታት ኣብ ዝሓለፈ ይኹን ህልዊ መድረኻት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ልሙዳት ተርእዮታት ስለዝኾኑ፡ ብሳዕበኖም ኣብ ዓለምና ክወርዱ ዝጸንሑን ዝወርዱ ዘለዉን ግጭታት፡ ህልቂታትን ዕንወታትን ብቐሊሉ ክግመቱን ክግለጹን ዝኽእሉ ኣይኮኑን።

ኣብ ዝሓለፈ መስርሕ ምጅማር ሓርነታዊ ዕጥቃዊ ቃልስና ኣብ ኣፍታትሓ ካልኣዊ /ዘይመሰረታዊ/ ፍልልያት ዝምልከት ዝተፈጥረ ግጉይ ኣረኣእያን ክውሰድ ዝጸንሐ ኣገባብ ምምሕዳርን ኣፈታትሓን ክንመዝን እንከለና፡ ጸገም ዝጸንሖን፡ ዘይተደላዩ ሰብኣዊ፡ ነገራውን ሞራላውን ክሳራታት እናስዓበልና ዝመጸን ኣሉታዊ ኣሰራሩ ሕጂ'ውን እንተኾነ ኣብ ደምበ ተቓውሞና ብኣተሓሳስባ ደረጃ መሊኡ ክግታእ /ክልወጥ/ ዘይተኻእለን፡ ዘሳቕየና ዘሎን'ዩ ኢልካ ምቕማጥ ዝካኣል እዩ።

ምኽንያቱ ህዝባዊ ዕጥቃዊ ቃልስና ካብ ዝብገስ ግዜ ጀሚሩ፡ ዝተፈልየ ግን ከኣ ዘይመሰረታዊ ፖለቲካዊ እምነት ብምሓዝ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ መልክዕ ውደባ ብምጥቃም ናይ ምቅላስ መሰል ዘየፍቅድ፡ ካብኡ ሓሊፉ፡ ንነብሱ ከም ብሕታዊ ወኪል ናይ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ገይሩ ብምቑጻር "ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ክጸውር ኣይክእልን እዩ" ዝብል ኣዝዩ ድሑር፡ ጸረ-ደሞክራስን ደሞክራስያዊ ኣተሓሕዛን ኣፈታትሓ ካልኣዊ ፍልልያት ዝኾነ ፖለቲካዊ እምነት ብምሓዝ፡ ነቲ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ /ጀብሃ/ ወጻኢ ዝነበረ ፖለቲካዊ ሓይልታት እምነቱን ውድቡን ሓዲጉ፡ ናብ ተ.ሓ.ኤ ብሓይሊ ክጽንበር ዘገድድ ግጉይ ዓማጺ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ስለ ዝተፈጠረ እዩ።

ስለ ዝኾነ ነዚ ዘይቅኑዕ እምነትን ዕላማን ንምዕዋት ክባሃል ዝተወስደ ጎነጻዊ ኣገባብ ዘስዓቦ ሰብኣዊ፡ ሞራላውን ንዋታውን ክሳራን ብሰንኪ ግጉይ ኣገባብ ኣፈታትሓ ካልኣዊ ፍልልይ ዝሰዓበ ኣሉታዊ ተርእዮ ስለ ዝኾነ ኣብ ህዝባዊ ቃልስና ግጉይ እምነ-መሰረት ናይ ኣፈታትሓ ግርጭት ዘንበረ እዩ ክባሃል ዝካኣል እዩ። እቲ ግጉይ ኣተሓሳስባን ኣገባብ ኣፈታትሓ ናይ ካልኣዊ ፍልልይን ግን፡ ኣብ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ጥራሕ ተደሪቱ ዝተረፈ እምነት ኣይነበረን። እንታይ ደኣ፡ እቲ ግጉይ ኣገባብ ኣፈታትሓ ናይ ካልኣዊ ግርጭት ብሓይሊ ክሰምር /ክዋሓጥ/ ዝተፈተነ ሓይሊ /ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ/ 'ውን እንተኾነ፡ ከም መበገስን ጠንቅን ናይ'ዚ ግጉይ እምነትን ኣፈታትሓ ግርጭትን'ዚ ተገይሩ ዝግለጽ እኳ እንተዘይኮነ፡ ብእምነት ደረጃ ግን ካብ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ዝፍለ እምነት ስለ ዘይነበሮ፡ ንሱ'ውን ኣካልን ኣምሳልን ናይ'ዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ኮይኑ በቲ ሽዑኡ ካብ ወጻኢ ዝርኸቦ ዘነበረ ዝሓሸ ኣጸዋርን ስንቅን ተመኪሑ ኣብ መጥቃዕትን ጸረ-መጥቃዕትን ተሸኺሉ ይዋሳእ ኔይሩ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ'ቲ ዝሰዓበ መስርሕ ንዘይመሰረታዊ /ካልኣዊ/ ፍልልይ ብሓይሊ ናይ ምፍታሕ ግጉይን ኣዕናውን ኩናት ሕድሕድ ንሱ'ውን ናይ ገዛእ ርእሱ ኣሉታዊ ተራ ተጻዊቱ'ዩ።

ብፍላይ ከኣ ድሕሪ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ምስ ተፈናጨለ፡ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ሓይሉን ውዳበኡን ኣደልዲሉ ልዕልነቱ ኣብ ዘረጋገጸሉ ግዜ፡ ንሱ'ውን ብተመሳሳሊ ነዚ ግጉይ እምነት'ዚ ብምምዕባል ነቲ "ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ኣይጸውርን እዩ" ዝብል ፖለቲካዊ ብሂል ናይ ተ.ሓ.ኤ ብካልእ መልክዕ ብምቕያር "ሰውራ ኤርትራ መሪሕ ውድብን፡ ብቑዕ መሪሕነትን ቅኑዕ ወታሃደራዊ ስትራተጂን ውኒኑ ስለ ዘሎ፡ ዝኾነ ውድብ ይኹን ውልቀ ሃገራዊ ነዚ ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተሓንጸጸ ወታሃደራዊ ስትራተጂ ተቐቢሉ፡ ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ ክቃለስን ሃገራዊ ግቡኡ ከበርክትን ኣለዎ" ዝብል በሓትን ኣዕናውን እምነት ብምእዋጅ፡ ናይ ሓይሊ ስነ-ሞጎት ከም እምነትን ናይ ተግባር መምርሕን ወሲዱ፡ ካብኡ ወጻኢ ንዝነበሩ ዝተፈላለዩ ውድባት እናቀንጸለ እዩ ዝቐጸለ። ስለዝኾነ፡ እቲ መሰረታዊ ፍልልይ ዘይነበሮ ተቓላሳይ ሃገራዊ ሓይልታትና ኣብ ከጋጩ ዘይክእል ካልኣዊ ፍልልያት ሕድሕድ ምትእምማን ኣጥፊኡ ካብ ከባቢ 1972-1991 ኣብ ዘሎ ነዊሕን መሪርን ናይ ቃልሲ ዓመታት፡ ግዜ እናሓለወ ብዝኸሰት ኲናት ሕድሕድ ተጸሚዱ ክልተ ዓይነት መስዋእቲ ማለት፡ ኣንጻር ባዕድን ኣብ ውግእ ሕድሕድን እናኸፈለ ክቃለስ እዩ ተገዲዱ።

እዚ ካብ ትምክሕታዊ ኣተሓሳስባ ዝተበገሰ ግጉይ ኣገባብ ኣፈታትሓ ናይ ካልኣዊ ፍልልይ'ዚ፡ ኣብ መስርሕ ህዝባዊ ቃልስና ብዙሕ ሰብኣዊ ሂወት ብከንቱ ካብ ምጥፋእ፡ ሞራላዊ ሃሰያታትን ነገራዊ ዕንወትን ካብ ምስዓብ ሓሊፉ፡ ተቓላሳይ ሓይልና እናኣዳኸመ ዕድመ ባዕዳዊ መግዛእቲ ብምንዋሕ፡ ቃልስና ክደናጐን ጭቆናን ሓሳረ-መከራን ናይ ህዝብታትና ክመርርን ክነውሕን ገይሩ እዩ። እቲ ዝኸፍአ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ናይ'ዚ ግጉይ እምነትን ኣፈታትሓ ናይ ካልኣዊ ፍልልይ /ግርጭት/ን እዚ ድማ፡ ካብ'ቲ ኣብ መስርሕ ዕጥቃዊ ቃልስና ዘውረዶ ኲሉ-መዳያዊ ሃሰያታት ሓሊፉ፡ ሃገራዊ ነጻነትና ካብ ዝተረጋገጸትሉ ግዜ ክሳብ ሎሚ፡ በዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ዝኾነ ኣዕናዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ከም እምነትን ግብራዊ መምርሕን ኮይኑ ይሰርሕን ህዝብን ሃገርን የዕኑ ምህላዉን'ዩ።

እዚ ኣሉታዊ ተርእዮ'ዚ፡ ኣብ ሕሉፍ መስርሕ ዕጥቃዊ ቃልስና ኣሉታዊ ተራ ዝተጻወተን፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ድማ ብገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብጸረ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መልክዑ ዝድገም ዘሎን ኣሉታዊ ተርእዮ ኮይኑ፣ ኣብ ህልዊ ደምበ ተቓውሞና ኸ ንዝተፈላለዩ ናይ ፖለቲካዊ እምነት ፍልልያት ብሓፈሻ፡ ንካልኣዊ ፍልልይ ከኣ ብፍላይ ከመይ ይመሓድርን ይፍታሕን፡ እንታይ ኣሉታዊ ሳዕቤናት የስዕብ ኣሎን ንርአ።

ኣብ ተቓወምቲ ኣካላትና ኣብ መብዛሕቲኦም ክባሃል ዝካኣል፡ ዘይመሰረታዊ /ካልኣዊ/ ፍልልይ ኣብ ምምሕዳሩ ይኹን ምፍትሑ ብሓላፍነትን ብቕዓትን ዝማሓደርን ዝፍታሕን እዩ ድኽመታትን ጸገማትን የብሉን ኢልካ ምግላጽ ዝካኣል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣብ ክንዲ ኣብ ውድባዊ መምርሕን ኣሰራርሓን ተሰሪትካ ተረዳዲእካን ተጸዋዊርካን ንዘይመሰረታዊ ፍልልያት ብግቡእ እናኣማሓደርካን እናፈታሕካን ሓድነትን ውህደትን ውድብካ /ሰልፍኻ/ ኣደልዲልካ ምቕላስ፡ ብኣንጻሩ ንዘይመሰረታዊ ፍልልይ /ርእይቶ/ ኣብ ውሽጢ ውድብ ብዝተፈላለየ መልክዓት እናተጐጀልካ ሕድሕድ ምትሕምማይ፡ ምንጽጻግን ውሽጣዊ ሓድነት ወድብ ምሕማስን ኣብ ብዙሓት ኣባላት ደምበ ተቓውሞና ዝኾና ኣካላት ህያው ተርእዮ ስለ ዝኾነ፡ ድሒርን ጸረ ደሞክራስን ዝኾነ ወፍሪ ኣንጻር ወልቀ ኣባላት ዘቕነዐ ኣብ ውሽጢ ውድብን ካብኡ ውጻእን ዘይሃናጽን ዘይሓላፍነታውን ፕሮፖጋንዳ ዘይቀጥታዊ ኣገባብ ምንዛሕ ህልዊ እዩ። ኣብ ክንዲ ናይ ቃልሲ ጉዳይ ቀዳምነት ሂብካ ምንጣፍን ምቕላስን ብኣንጻሩ፡ ናብ ዘይጭበጥ ስልጣን እናኣማዕደኻ፡ ውልቃውን ጉጅላውን ጠቕሚ ንምርካብ ጸፋዕፋዕ እናበልካ፡ ናብ ብኩሉ መለክዒታቱ ምኽኑይን ቅቡልን ዘይኮነ ምፍንጫል ምስጣሕን ናይ ህዝብታትና ናይ ቃልሲ ሞራልን ተሳትፎ ናብ ቃልስን ዝሃሲ ኩነታት እናተራእየ ዝመጸን ዝረአ ዘሎን እዩ።

ናይ'ዚ ጭቡጥ ኣብነት ክኾነና ዝኽእል ድማ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ልዕሊ ዓሰርተ ሽውዓተ ዓመታት ዝተራእየ ናይ ውድባት ምፍልላይ /ምፍንጫል/፡ ዝበዝሐ ካብኡ ኣብ ዘይመሰረታዊ እምነትን ፍልልይን ዝተሰረተ እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ፡ ናይ ፖለቲካዊ እምነትን መልክዕ ውደባን ፍልልይ ዘይብለን ውድባት ክበዝሓን መመሊሰን ክጫጭሓን ዝራኣያ ዘለዋ። ብጥንቁቕ ንምዝራብ፡ ብፖለቲካውን ስነ-ሓሳባውን እምነታትን ኣከዋውናን ባህልን ናይ ህዝብታትና ዝፈጥሮም ኩነታትን ክምዘን ከሎ፡ ፖለቲካዊ መልክዕ ውደባ ካብ ሰለስተ-ኣርባዕተ መልክዓት ክበዝሕ ኣይምኸኣለን ኣይግባእን'ውን ነይሩ። ይኹን ደኣምበር ህልዊ ብዝሒ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ኣብ ደምበ ተቓውሞና ምስ እንርኢ፡ ናይ ምንካይን ምውሳኽን ኩነታት ዘርኢ እኳ እንተኾነ ኣስታት ልዕሊ ዕስራ'ዩ በጺሑ ዘሎ።

*ውሽጣዊ ክውንነተን፡ ዓቕመንን ኣድማዕነተን ኣብ ቃልስን ክምዘን ከሎ ድማ፡ ኣብ ውሑዳት ዘይኮና ውድባት፡ ምትእምማንን ውህደትን ዝጐደሎ፡ ዕቤትን ሰሰንን ዘየርኢ፡ ኣብ ህዝቢ ዘለወን ፖለቲካዊ ጽልዋን ናብ ቃልሲ ኣዕሳልነትን ብሓፈሻ፡ ዘይሰሓብን ትሑትን ኮይኑ፡ ንጸላእን ተጻባእትን ዓቢ ዕድል ዝህብ ድኽመታት ሓቍፈን ዝንዓዛ ዘለዋ'የን ክባሃል ዝከኣል እዩ። እዚ ኣተሃላልዋ'ዚ ድማ ህዝባዊ ቃልስና ኣብ ሓውሲ ናይ ጋም-ማን ኩነታት ኮይኑ ክንዕዝ ዘገድድ ዘሎ ኣሉታዊ ተርእዮ እዩ። እዚ ናይ ትምክሕትን ጽበትን ኣተሓሳስባታት እናተበራረዩ ዝፈጥርዎ ዘለዉ ግጉይ ኣገንዝቦን ኣገባብ ኣፈታትሓ ናይ ካልኣዊ ፍልልያትን ስዒቡ ዝረአ ዘሎ ምፍንጫላትን'ዚ፡ ዋላ'ኳ ብወድዓዊ ኩነታትን ጭቡጥ ዓቕምን ኣተሃላልዋን ናይ ዘይተሳነይቲ ውድባት ክሳብ ዓመጻዊ ስጉምቲ ዝበጽሕ ሕድሕድ ምትህርራምን ናይ ሰብ ሂወትን ማተርያላዊ ክሳራን የብጽሕ እንተዘይሃለወ፡ ኣብ ቃልስና ዘብጽሖ ዘሎ ፖለቲካውን ሞራላውን ሃሰያን ናይ ግዜ ምብኻን ክሳራን ክምዘን እንከሎ ግን ብቐሊሉ ዘይረአ ኣሰካፊ ፖለቲካዊ ኩነታት እዩ ፈጢሩ ዘሎ።*

*ስለ ዝኾነ፡ ካብ'ዚ ድኽመታት፡ ጸገማትን ሃሰያን'ዚ ተላቒቕና ውድባትና ኣብ ውሽጠን ይኹን ኣብ ሕድሕደን፡ ንካልኣዊ ፍልልይ ብግቡእ እናኣማሓደራን እናፈትሓን ምትእምማን ፈጢረን ተወሃሂደንን ተደጋጊፈንን ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ክቃለሳ ንክበቕዓ ዘ'ኽእል ሓሳብን ሜላ ናይ ቃልስን ጨቢጥና ክንቃለስ ኣብ ዘገድድ ፍሉይን ተሃዋስን መድረኽ ምህላውና ክንግንዘብ'ዩ ዝህልወና። ስለዚ ድኽመታትናን ጸገማትናን ንምፍታሕ ክንረባረብ ካብ ክንክተሎ ዘለና ፖለቲካዊ ግንዛበ፡ ሜላታትን ኣንፈት ናይ ቃልስን ድማ፡ ዘይመሰረታዊ /ካልኣዊ/ ፍልልይ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታትን ግዜን፡ ብግቡእ ተረድኦን ኣመሓዳድራን እንተተታሒዙ ናብ ግጭትን ምፍልላይን ዘብጽሕ ከም ዘይኮነ፣ብደሞክራስያዊ ኣገባብ እንተዘይተማሓዲሩን እንተዘይተፍቲሑን ግን ናብ ዘየድሊ ምድኻማትን ምፍልላይን እናተኣትወ ናብ ግጭትን ምፍንጫልን ዘሳጥሕ እዩ።*

*ንኣብነት እዚ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ደምበ ተቓውሞና ዝረአ ዘሎ ምድኻማት፡ ጸገማትን ምፍልላያትን፡ ዝተፈላለያ ውድባትና ኣብ ውሽጠን ካልኣዊ ፍልልያት ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ኣብ ምምሕዳርን ምፍታሕን ዝፍጽምኦ ዘለዋ ጉድለታት ዝዓበየ ተራ ይጻወት ምህላዉ ከም ጭቡጥ ኣብነት ምጥቃስ ዝካኣል እዩ። ስለዚ ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለያ ተቓወምቲ ውድባት ዝግበር ዝምድና፡ ካልኣዊ ፍልልያት ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ምምሕዳርን ምፍታሕን ምብቃዕ፡ ምትእምማን፡ ዓቕምን ውህደትን ዝፈጥር፡ ናይ ቃልስና ዕማም ኣብ ምስላጥ ጭቡጥ ኣስተዋጽኦ ዘበርክት ስለ ዝኾነ፡ እዚ ቅኑዕ መርሓን ኣሰራርሓን'ዚ ኣዕዋታኑቱ ብምግንዛብ ተግባራዊ ንምግባሩ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ብንቕሓትን ሓቦ ናይ ቃልስን ክንቃለስ እዩ ዝህልወና። ካብዚ ሓሊፉ ዝተፈላለዩ ዘይሓገዝቲ መልክዓት ብምጥቃም ዝግበር ምትጅጃል፡ ምንዕዓቕን ምንጽጻጋትን ፕሮፖጋንዳዊ ሃልኪ ንምርካብ ምህውታትን፡ ንተቓወምቲ ኣካላትና እናዳኸመ፡ ሞራል ተቓለስቲ ህዝብታትና ብምትንካፍ፡ ንጸላእን ተጻባእትን ዝጠቅም ኣሉታዊ ፖለቲካዊ ሃዋህው ዝፈጥር ዘሎ ተርእዮ ምዃኑ ብምርዳእ፡ ካብ'ዞም ድኽመታትናን ጸገማትናን እዚኣቶም ንምልቓቕ ኣብ ውሽጢ ውልቀ ውድባትና ይኹን ኣብ ውድባት ሕድሕድና ናይ ምክብባርን ምትእርራምን ቃልሲ ብቀጻሊ ከነካይ እዩ ዝግባኣና።*

*ስለዚ እምበኣር፡ ዘይመሰረታዊ /ካልኣዊ/ ፍልልያትና ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ምምሕዳርን ምፍታሕን ምስ እንበቅዕ፡ ኣብ ወልቀ ውድባትና ይኹን ኣብ ዝተፈላለዩ ግንባራትና፡ ውህደትን ምትእምማንን ሓይልን ካብ ምፍጣር ሓሊፉ፡ መሰረትን ውሕስነትን ናይ ምሕዝነትና፡ ሓድነትናን ዓወትናን ዘውሕስ ስለ ዝኾነ፡ ዘይመሰረታዊ /ካልኣዊ/ ፍልልያትና ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ እናማሓደርናን እናፈታሕናን፡ ውጹዓት ተቓለስቲ ህዝብታትና ብከምቲ ዝድለ ናብ ቃልሲ ክዓስሉን ወሳኒ ናይ ቃልሲ ተረኦም ክጻወቱን እናገበርና፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ውድቀትን ምብትታንን ንምድሓንን መሰረታዊ ለውጢ ንምርግጋጽን ክንምርሽን እዩ ዝህልወና።*

*ካብ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ ወግዓዊት ልሳን ደግሓኤ ቁጽሪ* 15 *ጥሪ* 2017 *ዝተወሰደ*
*ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ* 08-02-2017